ሪፑብሊክ



<<ሕጂ'ሞ ካብ እንታይ ክፈርህ? እቲ ኣሎ ዝባሃል ክፉእ ነገር ኣብ ነብሰይ ዉዒሎሞ እዮም>>፡ ኣብራሃም ቅድሚ ሓደ ዓመት ንኢትዮጵያ ተሰዲዱ።

# እቲ ኣላሽ ዘብል ስልቲ'ዶ ወይስ፡ ናብራ ኣብ ስዊዝ ክሳዕ ክንደይ ሕሱም ክኸዉን ኣለዎ እቶም ኤርትራዉያት ክወጹ?

ምልካዊ ዝኾነ መቅጻዕቲ፣ እስሪ-ቤት፣ ግዱድ ሽቅለት፡ እዚ ነቶም ዝተነጽጉ ዑቅበኛታት ካብ ስዊዝ ንኤርትራ ዝምለሱ ይጽበዮም። እዚ እንዳ ኾነ ገለ ካብኣቶም ብድሌቶም ይምለሱ። ስለምንታይ? ናብ ዉልቀ-መላኺ ምምላስ፣ 2 ይ ክፋል።

ትንታኔ ካብ ኣይሰ ቱርካ-ን ክርስትያን ዛየር-ን (ጽሑፍ) ፍሎርያን ሽፕሪንግ (ኣሳእል)፣ ናይ ዕለት 09.04.2020

<<ነሱ እቲ ካብ ስዊዝ ዝተመልሰ ድዩ? ብድሌቱ?>> ኣብራሃም ነቲ ሕጂ ዝሰምዖ ክኣምኖ ኣካኣለን። ቅድሚ ሓደ ዓመት ካብ ኤርትራ ንጎረበት ሃገር ኢትዮጲያ ሃዲሙ። ዓርባዕተ ዓመት ኣብቲ ናይ ግዳድ ዉትህድርና ኔሩ፣ ዳሓር ግና ክወጽእ ጥራሕ ደለየ። እቲ ቀዳማይ ናይ ስደት ፈተንኡ ኣይሰለጠን። ንመቅጻዕቲ ድማ እቲ ናቱ ኣሃዱ ኣብ ደሴት ዳህላክ ቀይሕ-ባሕሪ ኣቀመጥዎ – ሓደ ዓመትን ክልተ ወርሕን። <<ንክሃድም ወይ'ዉን ካብ ጸሓይ ንኽጽጽል ዕድል ኣይነበሮን>>፣ ይብል ነሱ። <<ሓንሳብ ሓንሳብ ንኽድክሙና ኢሎም ኩዓቱ ይብሉና። እቲ ሃለዋቱ ዘጥፍኤ ንሕክምና ይኸይድ ብዝተኻእለ መጠን ድማ ከም ዝምለስ ይግበር።>>

እቲ ኣብ ቆራሪ ግዜ ወርሒ ታሕሳር ንግሆ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝረኸብናዮ ኣብራሃም ነዚ ኹሉ ብዘይ ስምዒት ኣዕሊሉና። ልክዕ ከምዚ ናብኡ ዘይወረደ። ነቲ ቀጢን ዝኾነ ግና ድልዱል ኣእዳዉ ኣብ ኣፍ ልቡ መሳቂሉ ከምዚ ይብል፡ <<ሕጂ'ሞ ካብ ምንታይ ክፈርህ? ነሶም እቲ ኣሎ ዝበሃል ሕማቅ ነገር ኣብ ርእሰይ ዊዒሎሞ እዮም። ካብዚ ዝኸፍእ ክህሉ ኣይክእልን እዩ።>> ድሓር ሓደ መጺኡ ከምዚ ይብሎ፣ ደቂ ዓድና ንኤርትራ ይምለሱ ኣለዎ። ብድሌቶም ድማ። ካብዚ ጸጥታ ዘለዎ ስዊዝ። ኣብራሃም ግና ነዚ ብሂል ክኣምሮ ኣይካኣለን።

ቤት ጽሕፈት ናይ ስደተኛታት ከም ዝሕብሮ ኣብዚ ዘሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ካብ ስዊዝ 150 ኤርትራዉያት ንዓዶም ከም እተመልሱ እዩ። ገለ ካብኣቶም ምስቲ መንግስቲ ኤርትራ ርክብ ዘለዎም እዮም ዝኾነ ዘፍርህ ነገር ድማ የብሎምን። እቶም ካልኦት ድማ ስግረ-ዶብ ዝለዝኾኑ ኣብ ዝምለሱሉ ግዜ ማእሰርትን ስቃይን ከጓንፎም ናይ ግድን እዩ፣ ከምቲ ንሕና ኣብቲ 1 ይ ክፋልና ዝገለጽናዮ።

ስለምንታይ እሞ ሰባት ንኤርትራ ይምለሱ?

ነዚ ቀጻሊ ትንታኔ ብዝምልከት

እዚ ሰለስተ ተኸታታሊ ጽሑፍ<<እንደገና ናብ ዉልቀ-መላኺ>> ዝብል፣ ምስ ናይ ስዊዝ ሓባራዊ ናይ ትንታኔ ነጸብራቅ ብሓብር ዝተዳለወ እዩ። እቶም ብመንግስቲ ስዊዝ ዝተነጽጉ ዑቅበኛታት ኤርትራዉያን ድሕሪ ምምላሶም ኣብ ኤርትራ እንታይ የጓንፎም? ጋዘጠኛ ክርስትያን ዛየር-ን ሰኣሊ ፍሎርያን ሽፕሪንግ-ን፣ ንቀርኒ ኣብፍሪቃ ተጓዕዙ፣ ኣብ ጉረበት ሃገር ኤርትራ ዝኾነት ኢትዮጵያ ደርዘናት ቃለ-ማሕተት ኣካይዶም ታሪኽ ናይ ዝተመልሱ ዳግማይ ርእዮም ከምስክሩን ክረጋገጹን ከኣሉ።

## እቶም ፖሊስ ብለይቲ ይመጹ

<<ንሕና ንኤርትራ ዘምልስ ዝተፈላለይ ምኽንያታት ንርኢ>>፣ ትብል ልያ ማየር ነቶም ዝምለሱ ተማኽር ናይ ካንቶን በርን። ዓበይቲ ሰባት እዉን ኣለዉ፣ ኣብቲ መጨረሽታ ዕድሚኦም ንዓዶም ዝምለሱ፣ ሰባት ኣብቲ ናይ ዉህደት መስርሕ ዝፈሸሉ ከምኡ'ዉን ገለ ናይ ስነ-ኣእምሮ ጸገም ዘለዎም፣ ወይ'ዉን ከምዚኦም ዘኣመሰሉ ንዑቅብኦ ብዝምልከት ናይ መንጸግቲ ዉሳኔ ዝወሰዱ። ብሓፈሽኡ ነሶም ሰባት ከም <<ብድሌቶም ከም ዝተመልሱ>> ጌርካ ምግላጽ ኣነዋሪ እዩ፣ ትብል። <<እቲ መንጸግቲ ዝወሰደ፣ ባዕሉ ይኸይድ፣ ብድሌቱ ክምለስ ግና ናይ ግድን ኣይኮነን።>>

ነሱ ብጽቅጠትን ብጭንቀትን ይሳቀ ኔረ ይብል ዮናስ፣ ሓደ መንእሰይ ኤርትራዊ ካብ ስዊዝ ብዓመተ 2018 ዝወጸ። ኩነታቱ ድማ ነቲ ናይ ስዊዝ ናይ ዑቅባ መስርሕ ሳዕቤን ክህልዎ ይኽእል፣ ናሕና ኣብቲ ቀዳማ ጽሑፍና ጉዳዩ ገሊጽናዮ ኔርና።

<<ኣነ ብድሌተይ ኣይኮንኩን ተመሊሰ። ነሶም ካብቲ ዓዲ ንኽወጽእ ደፋፊኦምኒ እዮም>>፣ ይብል ዮናስ። <<እቶም ፖሊስ ኣነ ምስ ደቀስኩ ኩሉ ግዜ ብለይቲ ይመጹ ኔሮም፣ ምስኦም ወሲዶም ስለምንታይ ንኤርትራ ክምለስ ከም ዝደለኹ ይሓቱኒ። ናበይ እሞ ክምለስ? ኣነ ይብሎም፡ ኣነ እንተ ተመለሰኩ ማህረምትን ሞትን እዩ ዝጽበየኒ።>> ነሱ ኣማራጺ ምስ ሰኣነ ግና፣ ነብሰ-ቅትለት ፈተነ። ኣብ ሆስፒታል ድሕሪ ምጽንሑ ንኤርታራ ተመሊሱ እንደገና ኸኣ ይሃድም – ኣብዚ እዋን እዚ ንስዊዝ ገጹ ኣብ መንገዲ ይርከብ።

<<ከምይ ጌሩ ወዲ-ሰብ ይሓስብ ኣነ ባዕለይ ተመሊሰ?>> ተስፋይ እዉን እቲ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምሳና ዝተዛረበ ከምኡ ይብል። ነሱ ብዓመተ 2018 ካብ ስዊዝ ወጺኡ ድሕሪ ክልተ መዓልቲ ኣብ ኤርትራ ድማ እንደገና ተሰዲዱ፣ <<ኣነ ተገዲደን ጽቅጠት ስለ ዝወረደንን እየ። ስዊዝ ናዓይ ኣይመለሱንን፣ ግና ከም ዝምለስ ጌሮምኒ።>>

እዚ ዓቢ ሰባይ ኣብዚ እዋን እዚ ኣብ ሓደ ናይ ኢዝዮጵያ ገዳም ዝነብር ዘሎ፣ ነቲ ድሩት ናብራ ናይ ስዊዝ ክስከሞ ስለ ዘይካኣለ ተመልሰ። በቲ ዝነበሮ መንበሪ ፍቃድ መሰረት ድሩት ግብረ-ሰናይ ጥራሕ ዝመጾ፣ ስድራ-ቤቱ ክጥርንፍ ኣይክእልን፣ ኣበይ ክነብር ከም ዝደሊ እዉን ክመርጽ ኣይክእልን፣ ምስ ወዱ እዉን ብሓባር ክኸዉን ኣይክእልን። ድሕሪ ክንደይ ድማ ስለ ዘይተረጋግኤ፣ ወጸ፡ <<እቲ ዝነበረ ምርጫ ኣብ መንጎ ክልተ ሕማቅ ዝኾነ ነገር ጥራይ እዩ ኔሩ፣ ይብል ነሱ። <<ኣብ መጨረሽታ ድማ ስዊዝ ካብ ኤርትራ ዝኸፍኤ ኮይኑ ተሰሚዕዎ።>>

## ግላዊ ምብጻሕ ኣብ ዝግበረሉ እዋን ናይ መንነት ቑጽጽር

እዚ ከመይ ክኸዉን ክኢሉ? ንሰብ'ሲ ክሳዕ ክንደይ ብሕማቅ ክትሕዞ ኣለካ ናብ ዉልቀ-መላኺ ንኽምለስ?

ሩኦ ደ ሞንታግንይ (Rue de Montagny)፣ ካብ ናይ ይቨርዶን-ለስ-ባይንስ መዕርፎ ባቡራት ብእግሪ መንገዲ 20-ደቂቅ እዩ። እቲ ብርሃነ ምስ ስድርኡ ዝነብረሉ ከም ልሙድ ዝኣረገ ብጫ ናይ መንበሪ ህንጻ ካብ ርሑቅ ይርኤ። ኣብቲ ጥቃ መእተዊ እንተ ቀረብካ፣ ገለ ነገር ከም ዝጎድሎ ይራኣየካ። እቲ ቀደም ሸትሮ ኔርዎ ክኸዉን ዝኽእል፣ ንዉሽጢ እቲ ህንጻ ንኸይትርኢ

ብካርቶንን መላገብን ተሸፊኑ ትረኽቦ – ኣሽማትን ጭር-መበልን ደሊኻ ኣይትረክብን ኢኻ። እቲ ማዕጾ ክፉት እዩ፣ ብድሕሪኡ ድማ ሓደ ባዶ መሳልል ኣሎ፣ ካብ ላዕሊ ድማ ድምጽን ገርጨዉጨዉን ይስማዕ።



ገብረማሪያም ራባዓይ ርእሱ ኣብዛ ሓንቲ 15 ኳድራት መትሮ ዝዕብየታ ክፍሊ ይነብር፣ ኣብ መዓስከር ዑቅበኛታት ይቨርዶን

እቲ ማዕጾ ምስ ተኸፍተ ሓደ ጸሊም ስረን ሃሳስ-ሰማያዊ ማልያ ዝተኸድነ ሰብእይ ኣብ ይቀርብ። <<ኣብዚ እንታይ ትገብር? ኣብ ሓደ ናይ ስደተኛታት ማእከል ኢኻ ትርከብ>>፣ ይብል እቲ ሰራሕተኛ። ንስድራ ገብረማርያም ብዉልቂ ክበጽሕ ዝደለየ መንነቱ ከርኢ ኣለዎ።

ብርሃነ ኣብ ላዕሊ ተቀቢሉ ኣብቲ 15 ኳድራት መትሮ ገዝኡ እተው ይብለና። ሰለስተ ኣሰብኡት ኣብ ከባቢ ሓንቲ ንእሽቶይ ጠረጴዛ ኣብ ትሕት ዝበለ ናይ ፕላስቲክ ወንበር ኮፍ ኢሎም ይርከቡ፣ ኣብ ዓራት ድማ ሓንቲ ቆልዓ ዝሓቆፈት ሰበይቲ ኮፍ ኢላ ትርከብ። ኣብዛ ክፍሊ እታ ምልእቲ ስድራ-ቤት ትነብር፡ ኣቦ ብርሃነ ወዲ 29 ዓመት፣ ኣደ ሳራ ጓል 26 ዓመት፣ ወዶም ወዲ ሰለስተ ዓመት ከምኡ'ዉን እታ ጓል ትሽዓተ ወርሒ ጓሎም።

ኣብቲ ክፍሊ ብዙሕ ኣቁሑት የለን ብጀካ እቲ ወናብርን ንእሽቶይ ጠረጴዛን ካልእ ሓደ ድርብ ዓራትን ዓራት ቆልዓን ከብሕን ጥራሕ ኣሎ። ኣብቲ መንደቅ ድማ ሓደ ብሩህ ናይ ሃይማኖት ምልክት ዘለዎ ብትግርኛ ዝተጻሕፈ ተለጢፉ ይርከብ፣ እዚ ቋንቋ ድማ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ይዝረብ።  ገለቁሩብ ክዳዉንቲ፣ ናይ ቆልዓ መጻወቲ – ካብዚ ተሪፉ ካልእ ቆልቃዊ ንብረት የለን። እቲ መጸራረይን ናይ ሓባር ክሽነን ወጺእካ ኣብ ኮሪደዮ እዩ ዝርከብ።

<<ሽቃቅ ብስ ካልኦት 15 ክሳብ 20 ዝኾኑ ሰባት ኢና ንጥቀመሉ>>፣ ይብል ብርሃነ። እቲ ኩነታት ናይ ስድራ-ቤት ከም ዘሻቅሎ ይዛረብ። እቲ ዝነብርዎ ኩነታት ንዑኡ ጥራይ ዘይኮነስ ንሰበይቱ'ዉን የሸግራ እዩ ብፍላይ ድማ ነቶም ቆለዉዕ። እቲ ወዲ ሰለስተ ዓመት ዝኾነ ወዱ ኣብ ስዊዝ ዝተወልደን ምሉእ ሂወቱ ኣብ ናይ ሓባር መዓስከር ዝነበረን፣ ድሮ ኣብ ናይ ስነ-ኣእምሮ ሓኪም ከይዱ ኔሩ።

## ወዲ-ሰብ በቲ ዝግበረሉ ናይ ሽግር-ሓገዝ ከመይ ይነብር?

ናይ ብርሃነን ሳራን ናይ ዑቅባ ሕቶ ቅድሚ ክልተ ዓመት ተነጺጉ። ብዓይኒ ናይ ስዊዝ መንግስታዊ ትካላት ንኤርትራ ክምለሱ ኣለዎም። በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ስዊዝ ካብቲ ናይ ሽግር-ሓገዝ ይነብሩ፣ ንዘይተፈልጠ ግዜ - ኣብ ሓደ ክፍሊ ኣርባዕተ ሰባት።

በዚ ትንታኔ መሰረት ኣብ ስዊዝ ካብ ዝበጻሕናዮም ንሶም ክልተ ካብቶም ዓሰርተ ዑቅብኦም ዝተነጽጉ ኤርትራዉያን እዮም። ንሕና ካብኦም ክንፈልጦ ዝደለና ነገር፡ ወዲ-ሰብ በቲ ናይ ሽግር-ሓገዝ ከምይ ይነብር? እቲ ምምላስ ምርጫ ንክኸዉን ምእንቲ እቲ ጽቅጠት ሓደ መዓልቲ ክዓቢ ድዩ።

እቲ ናይ ስዊዝ ሕገ-መንግስቲ፣ <u>ዓንቀጽ 12, ኣብ ግዜ ሽግር ናይ ሓገዝ መሰል፡</u> <<እቲ ኣብ ሽግር ዝኣተወ ንባዕሉ ንኽኣሊ'ዉን ኣብ ኩነታት ዘየለ፣ ሓገዝ ንኽረክብን ክእለን ከምኡ'ዉን ክብሪ ናይ ወዲ-ሰብ ዘሓለወ ናብራ ንኽነብር ንብረት ንኽረክብ መሰል ኣለዎ።>>

እቶም ናይ ሽግር-ሓገዝ ዝቅበሉ ዕላዊ ቋንቋ ንኽመሃሩ መሰል የብሎምን። ንኽሰርሑ ኣይፍቀደሎምን እዩ። ንሶም ክዋሃዱ እቲ ሕብረተሰብ ክዋሃዶምን የብሎምን። ምኽንያቱ ድማ ብመሰረት መንጸግቶም ኣብ ስዊዝ ንኽነብሩ ኣይድለዩን እዮም።

ነቲ ናይ ሽግር-ሓገዝ ዓቀን ናይ ምሃብ ሓላፍነትን ዘለወን እተን ካንቶናት እየን – እቲ ብዝሕን ዓይነትን ናይቲ ሓገዝ ብርምልከት ኣብ ገሊኡ ካንቶናት ይፈላለ እዩ። ኣብ ገሊኡ ካንቶናት ነቶም ናይ ሓገዝ ተቀበልቲ ብተግባር ገንዘብ ኣይወሃቦምን እዩ፣ ብኣንጻሩ መግብን ክዳዉንትን ከምኡ'ዉን መንበሪ ገዛን ሕክምናን ይፍቀዶም። ካንቶን ዋድት (Kanton Waadt) እታ ብርሃነን ሳራን ምስ ደቆም  ዝቅመጡላ ሓንቲ ካብኣተን እያ። ኣብ ካልእ ካንቶናት ንነፍሲ ወከፍ ሰብን መዓልትን 6 ክሳብ 12 ፍራንክን ይወሃብ።

## ኩሉ ግዝያዊ እዩ ዉልቃዊ ሂወት የለን

ኣብ ካንቶን በርን 8 ፍራንክን እየን ዝወሃባ። ኪዳነ ኣብ ጥቃ በርን ዘላ መዓስከር ዝነብር፣ ይብል፡ <<መብዛሕትኡ ግዜ ገንዘብ ንኽንቁጥብ ኢልና ብሓባር ንምገብ። ሽፓገቲ ወይ'ዉን ሓርጭ ግዚእና ባዕልና ባኒ ንገብር።

ነቲ ገንዘብ ኣብቲ ዝተመደብካሉ መዓስከር ትነብር እንተ ኾንካን ብቀጻሊ ህላዉነትካ ንምምሕዳር እንተ ኣረጋገጽካን ኢኻ ትወስዶ። እዚ ድማ ንመግብን ንኽዳዉንት ጥራሕ ከኣክል የብሉን እንታይ ዳኣ ንሻምፖን፣ ኮልጌት፣ ንተምፖን ሞደስን ክኣክል ኣዎ። እቲ ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ንኤርትራ ምስ ቤተ-ሰቡ ክዳዋወል ዝደሊ ካብተን ቁሩባት ገንዘብ ክቑጥብ ኣለዎ። <<ዓሰርተ ፍራንክን ንዓሰርተ ደቂቅ የዛርበኒ>> ፣ይብል ካብ ካንቶን በርን ኪዳነ። <<መብዛሕትኡ ግዜ ድማ እቲ መስመር ጽቡቕ ኣይኮነን።>>



ሾመንተ ፍራንክን ንነፍሲ-ወከፍ ሰብን መዓልትን ጥራሕ



… እቲ መዓልታዊ ፍርያት ዘይርከብ ይኸዉን

መሃዊት እውን ናይ ዑቅባኣ ጉዳይ ብዝምልከት መንጸግቲ መጺእዋስ ሕጂ ዳርጋ ዓመት ትገብር ናይ ሽግር-ሓገዝ ካብ ትወስድ። ነሳ ኣብቲ ናይ ሓባር መዓስከር ኣብ ሂንተርካፐለን ኣብ ካንቶም በርን ኣብ ሓደ ኮንተይነር ትነብር፣ ኩሉ ንግዝይኡ እዩ ዉልቃዊ ሂወት ኣብዚ የለን። ከምቲ ኣብ ይቨርዶን ዝቅመጡ ስድራ-ቤት ኣብዚ'ዉን ነሳ ኣእምሮኣ ጽቡቅ የለን። ሕጂ ከመይ ትነብሪ ኢልና ምስ ሓተትናያ፣ ክትበኪ ጀመረት።

## ብዝሒ ምቅይያር ምስ ሕብረተሰብ ክትዋሃሃድ የሽግር እዩ

መብዛሕትኦም ስደተኛታት ኣብ ብዙሕ ቦታት ከም ዝቀየሩ ከረጋግጹ ይኽእሉ። እዚ ቀጻሊ ናይ መዓስከራት ምቅይያር ምስቲ ሕብረተሰብ ንከይትዋሀድ ዕንቅፋት ይኸዉን።

ንኣብነት ብርሃነ፣ እዚ ሕጂ ኣብ ይቨርዶ ዝነብር ዘሎ፡ ኣቀዲሙ ኣብ ባስል፣ ንዮን፣ ኦርበ፣ ቫሊ ደ ጆዉክስ ይነብር ኔሩ።

ወይ ድማ ኪዳነ ፣ኣብ ካንቶን በርን፡  ኣቀዲሙ ኣብ ቡርግዶርፍ፣ ሙስሰዶርፍ፣ ኤሺሪድ፣ ሙህለበርግ ይነብር ኔሩ።

ወይ ድ ማሪያም፣ ንሳ'ዉን ኣብ ካንቶን በርን፡  ኣቀዲማ ኣብ ባስል፣ ቱን፣ ሻፍሃዉሰን ኣብ ኢመንታል፣ ሂንተርካፐለን፣ ቀጺላ ንጀርመን ተሰዲዳ ምስ ተመልሰት ድማ ኣብ ሂንተርካፐለን ትነብር።

ኣብ ነፍሲ ወከፍ ኣብ መዓስከር ዝቀየሩሉ ግዜ እቶም ስደተኛታት ምስቲ ሓድሽ ከባብን ናብራን ሰብን ክላለዩ ኣለዎም። <<እዚ ቀሊል ኣይኮነን>>፣ ትብል መርሃዊት። <<ኣብ ዉሱናት ሰዓታት ጥራሕ ኢና ክንወጽእ ዝፍቀደና፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ክንከይድ ኣይፍቀደናን፣ ከም እኹላት ሰባት ኣይንቁጸርን ኢና።>>

ዋላ ድሕሪ ብዙሕ ቶታት እዉን ብዛዕባ ዕለታዊ ናብርኣ ክትዛረብ ኣይካኣለትን። ስሩዕ ዝኾነ ሽቕለት የብላን ከምኡ'ዉን ደስ ኢልዋ ትገብሮ ነገራት (ፍሉይ ግዳሴ)። <<ኣነ መብዛሕትኡ ግዜ ንበይነይ እየ>>፣ ትብል ነሳ። <<መብዛሕትኡ ግዜ ወንጌል የንብብ።>> ከምቶ ብዙሓት ካልኦት ዑቕብኦም ዝተነጽጎም ነሳዉን ጭንቀት ኣለዋ። እቲ መፍትሒ ዘይብሉ ናይ ዉልቃ ጸገም ጥራይ ኣኮነን ንመርሃዊት ዘሸግራ ዘሎ እንታይ ድኣ እቲ ኣብ ኤርትራ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዘሎ ሰብኣያን እቶም ኣብ ኤርትራ ምስ ሕምምቲ ኣዲኣ ዝገደፈቶም ደቃን እዮም ብዝያዳ ዘተሓሳስብዋ።

እቶም ስደተኛታት ዋላ'ዉን ኣብ ስዊዝ እንከለዉ ካብቲ ኣብ ዓዶም ዝግበር ምፍርራህ ዓቢ ስግኣት ኣለዎም። ኩሉም እቶም ዘዘራረብናዮም ወይ ባዕላቶም ተኣሲሮም ኔሮም ወይ'ዉን ዝተኣሰረን ወይ ድማ ጌና ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዘሎ ናይ ቀረባ ዘመድ ኣለዎም።  ካብቶም ዓሰርተ ንሕና ዘዘራረብናዮም ሰባት፣ መርሃዊት ጥራሕ ኢያ ኔና ንኽትሽኣል ፍቃደኛ ዝነበረት። ኩሉም እቶም ካልኦት ግና ብግልጺ ነቲ መንግስቲ እንተ ተቓዊሞም ንባዕላቶም ወይ'ዉን ንቤተ-ሰቦም ኣብ ጸገም ንኸየእትዉ ይሰግኡ።



<<ኣነ መብዛሕትኡ ግዜ ንበይነይ እየ>>፡ መሃዊት ምስ ጭንቀታ ትቃለስ።



እቲ ናይ ሓባር መዓስከር ኣብ ሂንተርካፐለን ኣብ ካንቶን በርን።

መርሃዊት ኣብ ስዊዝ ዳርጋ ሓሙሽት ዓመት ጌራ ኣላ። ሓሙሽተ ዘይተረጋግኤ ዓመታት፣ ኣብ ናይ ሓባር ማዓስከር ምንባር፣ መንጸግቲ ካብ ዝመጸ ሓደ ዓመት ሓሊፉ በዚ ምኽንያት እዉን ነሳ ኣብዚ ናብርኣ ንኽትተክል ተስፉ ዘይምህላዉ። ሕጂ ድማ

እንደገና ክትቅይር ኣለዋ። መርሃዊትን እቶም ካልኦት 600 ዝኾኑ ዝተነጽጉ ዑቅበኛታትን ኣብ ካንቶን በርን ኣብ መፋርቕ ጥሪ ደብዳቤ ተዋሂብዎም፡ እቲ ናይ ዑቅባ ኩነታት ዳግመ ምትዕርራይ ስለ ተገብረሉ፣ በዚ ምኽንያት ድማ ኩሉም ናይ ሽግር-ሓገዝ ተቀበለቲ ኣብ ማእከል ናይ ተመለስቲ ክትቅይሩ ኣለኩም ዝብል እዩ።

<<ሕጂ'ዉን ኣነ እንደገና ኣብ ሓድሽ ቦታ ክቅይር ይግደድ ኣለኹ፣ ኣብ ሓደ ዓቢ ናይ ሓባር መዓስከር። እቲ ቦታ ካብዚ ብጣዕሚ ርሑቅ እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ምስ ሰባት ክትራኸብ ከቢድ እዩ። እቶም ንዓይ ዝተሓባበሩኒ ሰባት ኣብዚ እዮም ዘለዉ>>፣ ትብል መርሃዊት።

## ዋላ ዝያዳ ገንዘብ እዉን ካብዚ ንምዉጻ ኣየበራትዕን እዩ

ኣብቲ መንግስታዊ ጽሑፍ ናብ ኣብ ዘይተፈልጠ መዓስከር ናይ ምቅያር መደባት ከም ዘሎ ይሕብር። መንግስቲ ነቶ ዝምልከቶም ኣካላት <<ንዝምለሱ ዝያዳ ገንዘብ ከም ዝወሃብ>> ንዓዶም ንኽምለሱ መተባብዒ ንክኸዉን ይፍትን። ናይ መርሃዊት ጉዳይ እዉን ክርኤ እንተ ኾይኑ ንሳ ክሳብ 15 መጋቢት ክትሕብር ትግደድ።

ንሳ ግና ትብል፡ <<ዘይሕሰብ እዩ። ኤርትራ ደጊም ሃገረይ ኣይኮነን።>>

ካብቶም ንሕና ዘዘራረብናዮም ዓሰርተ ሰባት ዋላ ሓደ እኳ ንሃገሩ ክምለስ ዝሓስብ የለን። ከምኡ'ዉን ከምቲ ንናይ በርን ናይ ተመለስቲ ኣማኸርቲ ከም ዘሓተትናዮም፡ <<እቲ ቀረብ ብሓፈሻ ዋላ ሓንቲ ተቀባልነት ኣይረኸበን፣ ካብ ኤርትራዉን ኻኣ እሞ ዋላ ሓደ ዝምዝገብ ኣይመጸናን።>>

ኣብ እዋን ምምላስ እንታይ ከም ዘጓንፎም ዋላ ሓደ ዝፈልጥ የለን፣ ኩሎም ግና ዝኸፍኤ ከም ዝጽበዮም ይፈልጡ፡ <<ምናልባት ሽዑ ንሾዑ ኣብ ቀይዲ ትኣቱ>>፣ ትብል መርሃዊት። <<እዚ ድማ ስድራ-ቤትካ ከይራኣኻ። ምናልባት እዉ ብቀጥታ ካብ መዕርፎ ነፈረቲ ንእስርቤት።>> እዚ ስድራ-ቤትካ ከይፈለጡ ምጥፋእ ከጓንፍ ከም ዝኽእል፣ ካልኦት ክልተ ሰባት እዉን ይዛረቡሉ።

ኪዳነ እቲ ኣብ ካንቶን በርን ዝነብር፣ እንተ ተመለስካ ኣብ ዝብል ሕቶ ብቅጽበት ከምዚ ኢሉ ይምልስ፡ <<ኣይፋል!>> በፍጹም? <<ኣይፋል።>> ዋላ ካልእ መንግስቲ እንተመመጸ እዉን? <<ምናልባት ኣነ ግን ይኸዉን ኢለ ኣይኣምንን> ክሳብ እቲ ፕረሲደንት ዘሎ፣ ከምዚ ዘለዎ ክጸንሕ እዩ።>>



ሓጺር ምስ ቤተ-ሰብ ምድዋል – ነዚ ድማ ኪዳነ ካብተን ቁሩብ ዘለዎኦ ክቑጥብ ኣለዎ

ከምኡ'ዉን እቶም ኣብ ይቨርዶ-ለስ-ባይንስ ዝነብሩ ናይ ወዶም ናይ ጥዕና ጸገም ዘለዎም ብርሃነን ሳራን ኣነጺሮም ይዛረቡ፡ <<ኣይፋል በፍጹም።>> እቲ ነዚ ዝርርብ ምስ ሳራ ዝተርጎመ ነዚ ሕቶ ደይ ክይበሎ ኣቕሪብዎ። <<ምምላስ ንዓኣ ከም ምርጫ ኮይኑ ኣይስማዓንን ይብል>>፣ ይቅረታ እንዳሓተተ። በቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ጥራሕ ነዚ ሕቶ ንምቅራብ ምቹእ ኣይኮነን፣ ትርጉም'ዉን ዘይብሉ እዩ።

# እቲ ኣላሽ ከብል ዝተሓሰበ ኣይሰርሖን

ነቶም ዝተነጽጉ ኤርትራዉን ንመብዛሕትኦም ምምላስ ምርጫ ከም ዘይኮነ እቲ ኣሃዛዊ ጸብጻብ (ስታትስቲክ) ይሕብር። ዋላ'ኳ ኣብ ዘሓለፈ ሰለስተ ዓመታት 150 ሰባት ብግሎም ይመለሱ ድኣ እምበር፣ ካብኣቶም ግና ዝተነጽጉንናይ ሽግር-ሓገዝ ዝወሰዱ ዝነበሩን ብጣዕሚ ሒደት እዮም ኔሮም። <<መንጸግቲ መጺእዎም ዝምለሱ ኤርትራዉን ብጣዕሚ ሒደት እዮም>>፣ ትብል ሊያ ማየር ካብ ካንቶን በርን እታ ንዝምለሱ ተማኽር።

ካብ ኩሉም ሃገራት እቶም መንጸግቲ መጺእዎም ብግሎም ዝምለሱ ኣስታት 70 ምእታዊ እዮም። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ ሀገራት ንኣብነት ከም ጆርጅያ ወይ'ዉን ኣልጀርያ ካብቶም ብብዝሒ ዝምለሱ ሰባት እዮም፣ ከብቶም ዝተነጽጉን ከምኡ'ዉን ናይ ሽግር-ሓገዝ ዝወሰዱን – ምኽንያቱ ድማ ብተዛማዲ ኣብ ሃገሮም ርጉእ ኩነታት ስለ ዘሎ እዩ።

ካብቶም 44 ሰባት ብመንገዲ ናይ ካንቶናት ናይ ምምላስ ኣማኸርቲ ትካላት ንኤርትራ ዝተመልሱ ሰባት ሓደ ሲሶ ጥራይ እዮም ናይ መንጸግቲ ዉሳኔ ዝነበሮም። እንተ ድኣ ናይቶም ኣብዚ ግዜ እዚ ብግሎም ዝተመልሱ ኤርትራዉን ቑጽሪ ደሚርካሎም እቲ መጠን ብጣዕሚ ክትሕት ይኽእል።

እቶም ተመለስቲ ብቀዳማይ ደረጃ እቶም ክወጹ ዝነበሮም ኣይኮኑን እንታይ ድኣ እቶም ኣብዚ ክነብሩ ዝኽእሉ ዝነበሩ ሰባት እዮም – ብዕድመ ዝደፍኡ ሰባት ወይ'ዉን ንኣብነት እቶም ኣቀዲሞም ዝተሰዱ ናይ መንግስቲ እሙናት እዮም።

እቲ ነቶም ዝተነጽጉ ዑቕበኛታት ኤርትራዉያን እንተ ድኣ ብሕማቅ ኲነታት ሒዝካዮም ንዓዶም ይምለሱ ዝብል ኣምር ጌጋ ከምዝኾነ ተራእዩ።እቲ ናይ ኣላሸ ዘብል ስልቲ ናይ ስዊዝ ኣብዚ ጉዳይ እዚ ክሰርሕ ኣይካኣለን። ከምቲ ንሕና ዘዘራረብናዮም ሰባት ዝሕብርዎ እቲ ጸገም እቲ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣተሓሕዛ ሰብኣዊ-መሰል እዩ ይብሉ፡ እቲ ንኸምለስ ዝተገደደ፣ ምልካዉነትን፣ ኢሰብኣዊ-መቕጻዕቲን ማእሰርትን ናይ ግዳዴ ሽቅለትን (ክፋል 3 ናይ ትንታኔ ተመልከት) ከምኡ'ዉን እዚ ጉዳይ ናባና ከም ዘይወርድ ዉሕስነት ዘይምህላዉ እዩ።

# ካብ ምምላስ ዳሃይ ምጥፋእ (ምሕባ) ይሓይሽ

ሃብቶም ሓደ ኤርትራዊ መንእሰይ ብልክዕ ኣብ ከምዚ ዓይነት ሽግር ይርከብ። ንሱ ንስዊዝ ተሰዲዱ፣ ንሱ ዑቕብኡ ብዝምልከት መንጸግቲ መጺኡ ኣብ ዓዱ ጸቕጥታት ንኸየጓንፎ ፈሪሁ ድማ ክምለስ ኣይደለን። በዚ ምኽንያት ድማ ንሱ ንጀርመን ከደ። ኣብኡ ድማ ብፖሊስ ተታሒዙ ብዉዑል ናይ ዳብሊን መሰረት ንስዊዝ ተላእከ። ንሆላንድ ኸኣ ከደ። ኣብኡ'ዉን ብፖሊስ ተታሒዙ እንደገና ተመልሰ። ሕጂ ድማ ኣብ ስዊዝ ከም ንቡር መንበሪ ዘይብሉ (Sans-Papiers ) ካብ ፖሊስ ብቐጻሊ እንዳፈርሀ ይነብር

ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ዓመታት ጥራይ 1500 ዝኾኑ ኤርትራዉን ካብ ቑጽጽር-ወጻኢ ካብ ስዊዝ ወጺኦም ወይ'ዉን ዳሃዮም ኣጥፊኦም። እዚኦም ድማ ካብቶም ብግሎም ንኤርትራ ዝተመልሱ ብዓሰርተ ዕጽፊ ይበዝሑ። ብዙሓት ካብኣቶም ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጸብጻብ ናይ <<ሩንድ-ሻዉ>> ዝሕብሮ ኣብ በልጁም ይርከቡ።  ካብኡ ድማ ንዓዲ-እንግሊዝ ክኣትዉ ይፍትኑ። ንስዊዝ ዝገበረቶ የዋጽኣ እዩ፡ ምኽንያቱ ድማ ካብ ዓመተ 2017 እቲ ናይ ኤርትራዉን ናይ ዑቕባ ሕቶ ብጣዕሚ እንዳ ተሓተ መጺኡ። ናይቶም ሓደስቲ ዝኣትዉ ድማ ዉሒዱ። ነቲ ናይ ስዊዝ ናይ ዑቕበኛታት ፒለቲካ እንተን ካልኦት ሃገራት ይስከምኦ – ከምኡ'ዉን እቶም ኣብ ዉሽጢ ኤዉሮጳ ኮለል ዝብሉ ኤርትራዉያን።

ሃብቶም እቲ ክልተ ግዜ ንስዊዝ ከም ዝምለስ ዝተገብረ፣ ሓደ ሶሙን ድሕሪ ዝርርብና ብፌስ-ቡክ ዳሃይ ጌሩ ኔሩ። <<ኣነ ሓንቲ ሕቶ ኣላትኒ። ክሓትት ይፍቀደኒ'ዶ? ኢሉ ብዕለት 21 ታሕሳስ ሰዓት 12፡30 ይጽሕፍ።

ብዕለት 25 ታሕሳስ ሰዓት 21፡04 <<ብርግጽ፣ እንታይ ዓይነት ሕቶ?>>

ብዕለት 30 ታሕሳስ ሰዓት 12፡11፣ <<ንኤዉሮጳ ክኸይድ ይኽእል'ዶ? ምኽንያቱ ንኤርትራ እንተ ኸይደ ኣስታት 10 ዓመት ማእሰርቲ ይጽበየኒ።>>

ንሕና ነቲ ሕቶ ብሓንቲ በዓልቲ ሞያ ድሕሪ ምጽራይና፣ ብዕለት 6 ጥሪ ሰዓት 14.36 ፣<<ሰላም ሃብቶም፣ ንሕና ክንግምቶ ከም እንኽእል፣ ንዓኻ ዝኾነ ዕላዊ ትኽእሎ ንትዮጵያ ንኽትኣቱ የለን።>> ንብሎ።

ንሕና ዘይሓበርናዮ እንተሎ፡ ንሕና ክንግምቶ ከም እንኽእል፣ ንሱ ዝኾነ ሰብኣዊ ክብሪ ዝሓለወ ናብራ ክነብር ዕላዊ ተኽእሎ ከም ዘየለ እዩ።

*ኩሉ ኣሽማት ተቀይሩ*

ኣብ ሳልሳይ ክፋል ናይዚ ቐጻሊ፡ ብዛዕባ ምልካዉነትን፣ ስቃይን ናይ ግዳዴ ሽቅለትን፣ ክንዛረብ ኢና

ኣብ ሳልሳይ ክፋል ናይዚ ቐጻሊ፡ ኣብ ኤርትራ ምልካዉነት ክሳዕ ክንዳይ ሕሱም ምዃኑን? መዐቀኒ ናይ ስዊዝ ፖሊቲካ ድማ እንታይ ምዃኑን? ክተንብቡ ኢኹም።

ደረስቲ ብዝምልከት

ጋዜጠኛ ክርስትያን ዛየር ካብ ዓመታት ኣትሒዙ ብዛዕባ ኤርትራዉያን ዑቕበኛታት ኣብ ስዊዝ ርክብ ዘለዎ እዩ። ብዓመተ 2016 ዕላዊ ቪዛ ወሲዱ ንኤርትራ ኬዱ ኔሩ። ሳኣላይ ፍሎርያን ሽፐሪንግ መብዛሕትኡ ኣብ ናይ ገንረ-ሪፖርታጅ እዩ ዝሰርሕ፣ ከምኡ'ዉን ሕጂ ኣብ ፓፑኣ-ኖይገንያን ሞዛምቢክን። ኣይሰ ቱርካን፣ ኣብ ካላይ ክፋል ተርኣ ዝተጻወተት፣ ጋዘጠኛን ናይ ናጻ ሰራሕተኛ ምስ ሓባራዊ ትንታኔ ነጻብራቅ እያ።